# ብዓለ ጥምቀት

11 ጥሪ 2016 ዓ.ም. (1/20/2024)



መጸአ ቃል እምደመና ዘይብል ዝንቱ ውእቱ ወልደየ ዘአፈቅር ሎቱ ስምዕዎ።

ንባባት፡ ቲቶ 3፡4-8፥ 1ዮሓ 5፡1-9 ግ.ሓ. 10፡34-39፥ ማር 1፡7-11።

ምስባክ፡

1. ርእዩከ ማያት እግዚኦ፥ ርእዩከ ማያት ወፈርሁ፥ ደንገፁ ቀላያተ ማያት ወደምፀ ማይትሆሙ። መዝ. 76፡16
2. ባሕርኒ ርእየት ወጎየት ወዮርዳኖስኒ ገብአ ድኅረሁ አድባር አንፈርዕፁ ከም ሓራጊት። መዝ.113፡34

ሒዝናዮ ዘሎና ዘመን ዘመን አስተርእዮ ይብሃል ግልጸት ማለት እዩ። አብዚ እዋን አምላኽ ብሰለስተ መገዲ ተገሊጹና፥

1ይ አስተርእዮ፡ ካልአይ አካል ቅድስት ስላሴ ሥጋና ለቢሱ አብ ቤተልሔም ካብ ድንግል ማርያም ምስተወልደ ነቶም አብ ከባቢ ዝነበሩ ጓሶት ተገሊጹ እዚኦም ከአ ነቶም ድኻታትን ብሕብረተሰብ ብዙሕ ዋጋ ዘይውሃቦም ብኹሉ ተፈልዮም ዝርአዩ፥ ንኃጢአተኛታ ከድሕን ኢሉ ኢየሱስ ከምጽመጸ ዝገልጽ እዩ። ቅ. ዮሓንስ ነዚ ክገልጽ ኢሉ ቃል ሥጋ ኮነ ኢናበለ ምስጢር ልደት ክርስቶስ ይነግር።

አብ ትሑት ሕይወት ክነብር ከሎና ግልጸት አምላኽ ክንርኢ ንኽእል ሰብ ትሕትና እንተ ለቢሱ ንርእሱ አብ ትሕቲ አምላኽ ስለ ዝሰርዓ ፍቕሪ አምላኽ አብኡ አሎ፥ መገዲ አምላኽ ክኽተል አይጽግሞን ምኽንያቱ ኵሉ ጊዜ ንአምላኽ ስለ ዝርኢ፥ እቶም ጓሶት ቀዳማይ ብስራት ዝሰምዑ ትሑትን ገርሄኛ ሕይወት ይነብሩ ነሮም ንሶም ዝግድሶም ጥሪቶም ማለት እንስስኦም ከባቢኦም ልዕሊ ኹሉ ኸአ አምላኻሞ ካልእ አይናቶም እዩ። ግሩህ ሕይወት አብ አምላኽ ክንቀርብ ይሕግዘና።

2ይ ግልጸት ወይ አስተርእዮ ነቶም ሰብአ ሰገል ዝተባሀሉ ካብ ርሑቕ ምስራቕ ዝመጹ ምልክት ኮኾብ ርእዮም አብቲ ዝተወልደሉ ቦታ ምስ መጹ ዝተገልጽሎም እዩ፥ እቲ ዝተወልደ ንጉሥ አይሁድ አበሎ እናበሉ ሓቲቶም በዚ ኸአ ተገሊጽዎም፥ እዚኦም ነቶም ኩሎም አህዛብ ዓለም ዝውክሉ እዮም ኩሎም አብ ኢየሱስ ክርስቶስ ድሕነት ክቕበሉ ዕጹማት ምዃኖም ይገልጽ።

አምላኽ ክድሕን ዘይደልዮ ሰብ የለን ዓለትና ሕብርና ጠባይና ብዘየገድስ አምላኽ አፍደገ ምሕረቱ ኵሉ ጊዜ ምስ ከፈተልና እዩ። እዞም ሰብአ ሰገል አምላኽ ንኹሉ ክግለጽ ከም ዝደሊ ልቡ ዝኸፍት ኵሉ ምሕረት አምላኽ ክቕበለ ጸገም ከምዘይብሉ ይገልጸልና። ሎሚ ብዙሓት ካብ አምላኽ ብዝተፈላለየ መገዲ ዝርሓቑ አብኡ ክምለሱ እዋኑ እዩ። ኃጢአትና ከቢዱ እንተ ተራእየና ፈውሱ ንስሓ ገርና ምምላስ ጥራሕ እዩ። ምሓረኒ ክንብሎ ይግባእ።

3ይ ግልጸት ወይ አስተርእዮ አብ ጥምቀት ኢየሱስ አብ ሩባ ዮርዳኖስ እዩ። እግዚአብሔር አብ ብቃሉ እግዚአብሔር ወልድ ብአካሉ፥ እግዚአብሔር መንፈስ ቅዱስ ብአምሳል ርግቢት እዚ እቲ ዘፍቅሮ ወደይ እዩ ስምዕዎ ዝብል ቃል ተሰምዐ በዚ ኸአ ኢየሱስ መን ምዃኑ ተገሊጹ። እዚ እቲ ዝዓበየ ግልጸቱ እዩ፥ ግዚኡ ወዲ 30 ዓመት ምስ ኮነ እዩ፥ አብ ሩባ ዮርዳኖስ አብቲ ዮሓንስ ዝቕመጦ ዝነበረ አብ በረኻ

እዩ ተፈጺሙ። በረኻ ኣብ ቅ. መጽሓፍ እግዚኣብሔር ዝርከበሉ ቦታ እዩ፥ ወላ እኳ ንኢየሱስ ቦታ ፍርድን ፈተናን እንተ ኾነ። ንቀዳሞት ኣበው በረኻ ቦታ ፈተናን ብታ ንስሓን እዩ ዝርአ ነሩ ክልቲኡ ዝርከቦ እዩ።

ጥምቀት ክርስቶስ መን ምዃኑ ዝተገልጸሉ፥ ተልእኮኡ ብዕሊ ዝጀመረሉ እዩ፥ ኣፍደገ ሰማይ ተኸፍተ ይብል ወንጌል እዚ እዩ ተልእኮ ኢየሱስ ንኣና ኣፍደገ ሰማይ ኽኸፍተልና ኣብዚ ዓለም መጸ። ኣብዚ ዕለት ነቲ ኣምላኽ ብኢየሱስ ኣቢሉ ዝገለጸልና ርኢና ክንክእል እዩ እቲ ዕድመና።

ጥምቀት ክርስቶስ ዝዓበየ ግልጸት ኣምላኽ ንደቂ ሰብ እዩ። ናይ ሎሚ ወንጌል እንተ ርአና ናይ ንስሓን ሕድገት ኃጢአትን ጥምቀት የጠምቕ ነሩ ዝብል ነንብብ። እቲ ህዝቢ ሱቕ ኢሉ መጺኡ ይጥመቕ እሞ ኃጢአቱ ይሕደገሉ ነሩ ማለት ኣይ ኮነን ዘስምዕ። ከምኡ እንተ ኮይኑ ዓይነት ጥንቆላ እዩ፥ ጥምቀት ምስቲ ውሽጣዊ ኩነት ሕይወት ዝተተሓሓዘ እዩ። ኣብዚ ንስሓ ዝብል ቃል ምስቲ ብግሪኽ መታኖያ ዝብል እዩ ዘስምዕ። ኣብ ሕይወትካ ቅጽበታዊ ለውጢ ምግባር ነቲ ዝነበረካ ሕማቕ ጨሪሽካ ሓዲካ ኣብ ሓዲስ ሕይወት ምእታው እዩ ዘስምዕ። ዓላማን ትርጉምን ሕያወት ኣላሊኻ ንሕይወትካ ኣብቲ ቅኑዕ መገዲ ኣምላኽ ምምራሕ እዩ። ልዕሊ ንስሓ ዝኸይድ ኵነት እዩ በቲ ዝገበርካዮ ኃጢአት ምንሳሕ ጥራሕ ዘይኮነ ኣብ ሓዲስ ኹነት ምእታው እዩ። መታኖያ ክንብል ከሎና ከስ ልዕሊ በዲለ ተጋግየ እዩ ዘስምዕ። ኣብ ሕይወትካ ጨሪሽካ ዓቢ ለውጢ ምግባር ሽው ሓዲስ ጠባይን ኣተሓሳስባን ኣገባብራን ኣብ ኩሉ ሕይወትካ ምትእትታው ነቲ ጎዳኢ ጠባያትን ነቲ ግጉይ መገዲ ካብ ሕይወትካ ምጥፋእ እዩ።

ንጥምቀት ብዝርኢ ብዙሓት ስለምንታይ ኣምላኽ ንሓደ ወዱ ልኢኹልና ንዝብል ክምልሱ ከለዉ ዝተፈላለየ መልሲ ይህቡ፥ ገለ ኣምላኽ ካብ ኃጢአትና ከድሕነና ስለ ዝደለየ ንሓደ ወዱ ልኢኹልና ይብሉ፥ ኣብዚ ደው ይብሉ ግን ልዕሊዚ ካብ ኃጢአትና ነጻ ክገብረና ዝብል ካልእ ኣሎ። ገለ ኸአ ኣምላኽ ንወዱ ዝለኣኸልና ክሳባ ክንደይ ከም ዘፍቅረና ከረድእና ኢሉ እዩ፥ እወ ከምኡ እዩ ልዕሊኡ ግን ኣሎ። ገለ ኸአ ኣምላኽ ንወዱ ዝልኣኾ ከመይ ከምዘፍቅረና ከርእየናን ከምኡ ከመይ ኢልና ክነብር ከምዘሎና ክሕብረና ኢሉ እዩ መጺኡ ዝብሉ ኣለዉ። ነዞም ዳሕረዎት ቅ. መጽሓፍ ኣብ ዕለታዊ ሕይወትና ከመይ ገርና ክነብር ከምዝግብአና ዝተዋህበና እዩ ይብሉ ግን ኣብዚ እውን ልዕሊኡ ኣሎ ካልእ ኣሎ።

ንኣና ካቶሊካውያን እዞም ድሕሪ ፪ይ ጉባኤ ቫቲካን እንነብር ዘሎና እቲ ቀንዲ ብዝያዳ እንተኹሮሉ ወይ እንጸቕጠሉ ኣምላኽ ብኢየሱስ ክርስቶስ ገሩ ኣብ ማእከልና ሓዲሩ ኣሎ እዚ ከአ ኣብቲ ሕይወቱ ክንካፈል ስለ ዝደሊ እዩ። ከም ካቶሊካውያን ንኣምላኽ ንቕበሎን ምስኡ ሓደ ንኸውን እዚ ኸአ ኣብ ኩሎም ምስጢራት ክንቅበል ከሎና ይፍጸም። ኣብ ምስጢራት እንኣምን ቤተ ክርስትያን ኢና፥ ኣብ ሓድነት እንኣምን ቤተ ክርስትያን ኢና ኣብ መልክዕ ህብስትን ወይንን ሥጋን ደምን ኣምላኽ ተቐቢልና ኣብ ኣባህሪ ኣምላኽ ሓድነት ንረክብ። ምስኡ ሓደ ንኸውን ምስቲ ዝተንስኤ ክርስቶስ ከአ ክፍሉ ንኸውን። እዚ እዩ ከስ እቲ ምስ ኣምላኽ ሓደ ምዃን ዘስምዖ። ኣምላኽ የፍቅረና እዩ ኣብ ሕይወቱ ክንካፈል ይደልየና፥ ብምሉእ ኣብቲ ዘሎናዮ ብዘይካ ኃጢአት ከማና ክኸውን ይመጸና።

ጥምቀት እምብኣር ስርዓት ወይ ምውታግ እዩ፥ ንሓዲስ ሕይወት ክነብር እንጅምረሉ እንምረቐሉ እዩ። ልዕሊ ዝኾነ ኣብ ሕይወትና ከም መምርሒ ገርና እንኽተሎ እዩ። ኣብ ሓዲስ ኣገባብ ሕይወት ምእታው ምስ ካልኦትን ምስ ኣምላኽን ክትነብር እትጅምሮ ጉዕዞ ሕይወት እምበር ኣብ ኩሉ ከምቲ ዝድለ ድሓን ክንከውን ጥራሕ ዝውሰድ ኣይኮነን።

ንምስጢረ ጥምቀት ብዝርኢ ብዙሕ ዝብሃል ኣሎ ንሎሚ ግን ኣብቲ ቀንዲ እንብሎ ክንርኢ፡

- ብጥምቀት ሓዲስ መንነት ንረክብ። ኣብ ስድራ ኣምላኽ ስም ይውሃበና። ኣምላኽ ብስምና ይፈልጠና ንኣይ ንበይነይ ጥራሕ ከምዘሎኹ ይፈልጠኒ። ኣብ ስድራ ኣምላኽ ወዱ እኸውን ምኽንያቱ ብኢየሱስ ክርስቶስ በቲ ሓደ ወዱ ናይ ውሉድነት መሰል ኣውሪሱኒ እዩ። እዚ ክብሃል እንከሎ ናይ ገዛእ ርእሰይ ርድኢት ኣሎኒ ማለት እዩ በዚ ኸአ ናይ ገዛእ ርእሰይ መንነት

ከማዕብል ኣብዚ ዓለም ጀሚረ ኣብቲ ዝመጽእ ዓለም ዘብጽሕ መንነት ክጥሪ ማለት እዩ። ንርእስኻ ከመይ ትርእያ፥ንርእስኻ ከም እትርእን እቲ ንገዛእ ርእስኻ ክትርኢ እትጥቀመሉ ኣከባብን ኣብ ምፍላጥ መንነትካ ዓቢ ኣገዳስነት ኣልኦ።

ሰማያዊ ኣቦ ንኹልና ብሓደ ዓይኒ ዝርእየና ኣሎና። ገለ ሰባት ክርስትንኦም ንብሕቶም ንእኦም ጥራሕ ከምዝርኢ ገሮም ዝወስዱ ኣለዉ በዚ ምኽንያት ከአ ንሰማይዊ ኣብኦም ምስ ካልኦት ብሓደ ከኽብርዎ ከፈልጥዎ ኣይደልዩን። እዚ ግን እምነት ክርስትና ዝቕበሎ ኣይኮነን። ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ሓደ ዝኾነ ተቐባልነት ኣሎና ኩልና ኸአ ከምቲ ካብኡ እንቕበሎ ንኻልኦት ክነካፍል ግቡእና እዩ።

- ብምስጢረ ጥምቀት ኣብ ስድራቤት ኢየሱስ ክርስቶስ ንጽንበር። በዚ ከአ ኣነን ኢየሱስን ዝብል ተሪፉ ንሕናን ኢየሱስን ይትክእ። ደቂ ሓደ ኣምላኽ ስለ ዝኾና ንኣምላኽ ንበይነይ ዘይኮነስ ምስኩሎም ኣሕዋተይ እየ ክረኽቦ ዝግብኣኒ፥ ጉዳይ ድሕነት ንኹሉ ዝርኢ ካብ ኮነ ድሕነት ሓወይን ሓፍተይን ከሰክፈኒ ይግባእ።

ኩነታት ርክብና ምስ ምድራውያን ኣቦታትና ብዘየገድስ ምስ ሰማያዊ ኣቦና ዘሎና ርክብ ዓሚቍን ዝቐረበን ክኸውን ይግብኦ። ሰማያዊ ኣቦና ክነፍቕሮ ክንፈልጦ ክንሰምዖ ክንቀርቦ ይደልየና። ተፈጥሮና ኣብ ምልኣት ክነብጽሖ ምስኡ ክንዓዪ የደሊ፥ ንኹሉ ሕሰምን መከራን ከነጥፍእ ሰላም ኣብ ዓለም ክነግስ ምስኡ ክንዓዪ የደልየና። እዚ እዩ እቲ ዝዓበየ እሞቕ ምስጢረ ጥምቀት ዝሕብረና፥ ሰባት ክብረት ተፈጥሮኦም ኣለልዮም ክኽእሉ፥ ካብ ኃጢኣት ነጻ ኮይኖም ሰላም ኣምላኽ ክስተማቕሩ፥ ዝኽእሉሉ ጸጋ ጥምቀት ስለ ዝተዓደሉ ሎሚ ክሕድስዎ ከምዝግባእ ክፍልጡ ኣለዎም።

ጥምቀት እምብኣር ስርዓት ወለድናን ቤተ ሰብናን ክሕጎሱ ኢልና እንፍጽሞ ኣይኮነን ኣብ ሕይወትና ሓዲስ መንንነት ኣልቢሱ ንሓዲስ ተልእኮ ክንወፍር ዝሕግዘና ፍሉይ ጸጋ ዘውርድ እዩ። ኣብ ሕይወትና ሓዲስ ጠባይን መንፈስን ዘልብስ እዩ። ነቲ ብሓደ ጎንና ዝጸፍዓና ካልኣይቲ ጎንና ክንህቦ ነቲ ኣብ ዓለምና ዝገጥም ጉድኣትን ስቓይን ክንቅይር ኣፍደገ ዝኸፍት ፍሉይ ጸጋ እዩ።

ብዓልና ነቲ ቅድሚ ዓመታት ዝተቐበልናዮ ክንሕድስ እሞ ሓዲስ ሕይወትን ሓዲስ ርክብ ምስ ኣምላኽን ሰብን ክንፈጥር እዩ፥ ዝጀመርናዮ ተልእኮ ክንሕድሶ ልኡኻት ኣምላኽ ኮና ንቅድስና ክንለብስ መብጽዓና ክንሕድስ ይግባእ። እዚ ዘፍቅሮ ወደይ/ጓለይ እናበለ ዝቕበል ኣምላኽ ሎሚ እውን ካብ ኃጢኣትና ነጺሑና ንቕረቦ ክቕበለና ከአ እዩ።

ብሩኽ ብዓለ ጥምቀትን ቃና ዘገሊላን ይግበረልና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ